እዛ ደርፊ ብአማንኤል ሞሞና ንመበል 23 ናጽነት ኤርትራ ዝደረፉ ብጣዕሚ ስለ ንመሰጠትኒ፡ ነቲሕዝቶአ ብዝበለጸ ንኩልና ንክበርሃልና ኣብምጽሓፍ ነታ ግጥሚ ተዋፊረ ምክንያቱ እዛደርፊ ብጣዕሚ ሒያል ትሕዝቶ ከምዘለዋ ርዱእ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ውናኒ ታሪኹ፡ መዓንጥኡ ሸጥ አቢሉ አንጻር መግዛእቲ ተቃሊሱ ን30 ዓመታት ናጽነቱ ተጋናጺፉ፡ ድሕሪኡወን ንህንጻት ሃገር አምሪሑ፡ ዋላካ ኣብ ሞንጎ ሞኻልፍ እንተጋጠሞ፡ ወራር ወያነ 1ይ,2ይ ከሙውን 3ይ መኪቱ ደሪዒሙ ጅግንነቱ ኣረጋጊጹ፡ አንጻር ኩሉ ተጻብኡ ጠጠው ኢሉ ሕጂወን ከምትማል ርእሰ ሙርኮሳ፡ አይምብርከኽን ብምባል፡ ንኩሉ ተጻብኡ ሲዒቱ፡ ሃገራዊ ድሕነት አመስኪሩ፡ ሃገሩ አብ ዝበለጸ ደረጃ ኣብጺሑን እዩ፡ ጋናውን ክሰርሕ ምካኑ የረጋግጽ “ ንርሁው ጽባሕ’ ሎሚ ንስራሕ” ኣብዝብል ቴማ….. ህዝቢ ኤርትራ ወነቲ ታርክ፡ ህዝባዊ ግንባር ታሪክ ዝሰርሐን ቀጻሊውን ዝሰርሕ ዘሎ… እስከ ነስተማቅራ ነዛግጥሚ…ምልስ ኢልና ከአ ንስማዓያ ነዛ ድርፊ… ታሪክ ይዘርዝር… ታሪክ ሰውራ ማእልያ የብሉን እሞ ንወከሶም ታሪክ ብዝርዝ ከቅሱሙና….

ዋና ታሪክ ዘሕለፍካዮ እቲ መሪር መከራ፡

ገንሸል ምሰል ንሩሕ እዛ ባንዴራ፡

ኣብ ድቅድቅ ጸላም ብጽንዓቱ ብርሃን ዝፈጠረ :

ንጉስ ልቢ መን ነይሩካ መብረ፡

ንበር ክበር ንስካ ዘይብሉ መን ከይህሉ!

ኾኾብ ሰማይ ዘይሰፈር ዓቅሉ!!

ብርኪ ሰውራ መዳርኪቲ ኣልቦ ጽኑዕ፡

ኅይታ ናጽነቱ ሙዑድ ተባዕ!!

የዕለለኒ ኩሉ ሎሚስከ ተዛረብ፡ ውጹእ መዓት ሰሪሑ ዘይ ርብርብ።

እንሆ የንብቦ ታሪክካ ውዕሎትካ፡

እትቅያ አውግዓኒ ንናይትማል ዝክርካ።

አፍ አውጽእ ተዛረብ አንታ ቀላይ ልቡ።

ዓይኒ ታሪክ ቃልሲ ዘይ ነጸፍ ሕላቡ፡

ታሪክ እዩ ዝነብር ንሱ እዩ ዘይመውት፡

ጅግና ግን ይሐልፍ ተከዲኑ ዓወት፡ ጅግና ግን ይሐልፍ ተከዲኑ ዓወት።

ህዝበይ ብዓልዝናት ንዓካዩ ክብራ፡ ጸሩ ዘየውረደ ናይ ቀያሕቲ ሕድራ፡

ቃሉ ዝፈጸመ ነዛ ሃገር ክብራ፡

ዋና ታሪክ ዘሕለፍካዮ እቲ መሪር መከራ፡

ገንሸል ምሰል ንሩሕ እዛ ባንዴራ፡

ኣብ ድቅድቅ ጸላም ብጽንዓቱ ብርሃን ዝፈጠረ :

ንጉስ ልቢ መን ነይሩካ መብረ፡

ንበር ክበር ንስካ ዘይብሉ መን ከይህሉ!

*Copyright©2014 S. Igbu*
*Credit to Amanuel Momona*

ኾኾብ ሰማይ ዘይሰፈር ዓቅሉ!!

ብርኪ ሰውራ መዳርከቲ ኣልቦ ጽኑዕ፣

ጎይታ ናጽነቱ ሙዑድ ተባዕ!!

የዕልለኒ ኩሉ ሎሚስከ ተዛረብ፣ ውጹእ መዓት ሰሪሑ ዘይ ርብርብ።

እንሆ የንብቦ ታሪክካ ውዕሎትካ፣

እትቅያ አውግዓኒ ንናይትማል ዝክርካ።

አፍ አውጽእ ተዛረብ አንታ ቀላይ ልቡ።

ዓይኒ ታሪክ ቃልሲ ዘይ ነጸፍ ሕላቡ፣

ታሪክ እዩ ዝነብር ንሱ እዩ ዘይመውት፣

ጅግና ግን ይሐልፍ ተከዲኑ ዓወት፣ ጅግና ግን ይሐልፍ ተከዲኑ ዓወት።

ህዝበይ ብዓልዝናት ንዓካዩ ክብሪ፣ ጸሩ ዘየውረደ ናይ ቀያሕቲ ሕድሪ፣

ቃሉ ዝፈጸመ ነዛ ሃገር ክብሪ።

ተሳሒልካ አብ ሕማቅ ዘመን፣ ዘመን ፈጢርካ ዘሕብን፣

ካብዛሃገር ዋና ሃገር አንታ ሰራሒ መስተንክር።

ተሳሒልካ አብ ሕማቅ ዘመን፣ ዘመን ፈጢርካ ዘሕብን፣

አግሂድካዮ ነዊሕ ትጽቢት፣ ብቅርጽምካ ኣንታ ጎይታ ጽንዓት።

አንታ መንአሎ ከማካ፣ እወ መንአሎ ልዕሌካ ነብሱ ሰሕሰመ ንሃገር፣

ለይትን ክረምትን የሕሊፍካ፣ ካብ ክትምርከኽ ሞት መሪጽካ ጎይታ ጽንዓት እንድዩ ስምካ።

ተሳሒልካ አብ ሕማቅ ዘመን፣ ዘመን ፈጢርካ ዘሕብን፣

ካብዛሃገር ዋና ሃገር አንታ ሰራሒ መስተንክር።

ተሳሒልካ አብ ሕማቅ ዘመን፣ ዘመን ፈጢርካ ዘሕብን፣

አግሂድካዮ ነዊሕ ትጽቢት፣ ብቅርጽምካ ኣንታ ጎይታ ጽንዓት።

አንታ መንአሎ ከማካ፣ እወ መንአሎ ልዕሌካ ነብሱ ሰሕሰመ ንሃገር፣

ለይትን ክረምትን የሕሊፍካ፣ ካብ ክትምርከኽ ሞት መሪጽካ ጎይታ ጽንዓት እንድዩ ስምካ።

Copyright©2014 S. Igbu
Credit to Amanuel Momona